# ካብ መገሻዊ ውሸባ ሕድገት ዝወሃቦም

ምሉእ ዝተኸተቡን ኣብዘን ዝሓለፋ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ኮቪድ-19 ሒዙዎም ዝነበሩ ሰባትን ካብ ዓርቢ 11 ሰነ ሰዓት 3፡00 ድሕሪ ቀትሪ ንኖርወይ ክኣትዉ ከለዉ ካብ መገሻዊ ውሸባ ሕድገት ክግበረሎም እዩ። እዚ ክፍቀደሎም እንተኾይኑ ከምዝተኸተቡ ወይ ኮሮና ሓሚሞም ከምዝነበሩ ብውሑስን ክንቆጻጸሮ እንኽእልን መቈጻጸሪ QR-ኮድን ከረጋግጹ ክኽእሉ ኣለዎም። ትሕቲ 18 ዝዕድሚኦም ቈልዑን ንኣሽቱን ድሕሪ ሰለስተ መዓልትታት ንኖርወይ ምእታዎም ኣሉታዊ ዝውጽኢቱ መርመራ-PCR ክሳብ ዘወስዱ ግዜ ውሸባኦም ከሕጽሩዎ ይኽእሉ እዮም።

- ምሉእ ከም ዝተኸተቡ ወይ ኣብዘን ዝሓለፋ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ኮቪድ-19 ሒዙዎም ከምዝነበረ ብውሑስን ክንቆጻጸሮ ንኽእል ኣገባብን ከረጋግጹ ንዝኽእሉ ሰባት ካብ ዓርቢ 11 ሰነ ሰዓት ሰለስተ ድሕሪ ቀትሪ ኣብ መገሻዊ ውሸባ ምእታው ኣይከድልዮምን እዩ። ይኹን ደኣ እምበር ኣብ ዶብ መርመራ ክገብሩ ኣሎዎም ይብል ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን ቤንት ሀይየ።

- መንግስቲ ሕጂ ነዚ ምቅይያራት ዝገብረሉ ዘሎ ምኽንያት ክቱባት እንዳበዝሑ ይኸዱ ብምህላዎምን መብዛሕትኦም ኣብ ተነካእቲ ጉጅለታት ዝርከቡ ሰባት ድማ ቀዳማይ መርፍእ ክታበት ክውግኡ ዕድል ስለዝተዋህቦምን እዩ። ኣብ ቀረባ እዋን ተቐማጦ ኤውሮፓዊ ሕብረት፡ ክልል ቁጠባዊ ምትሕብባር ኤውሮጳን  ዓባይ ብሪጣንያን ኩነታት ክትበቶም ንፈልጠሉን ክንቆጻጸሮ ንኽእለሉን ውሑስ ስርዓት ክተኣታቶ እዩ ይብል ሀይየ።

ኣብ ዶብ ኖርወይ ሓቅነቱ ከረጋገጽ ዘይክእል ምሉእ ክታበት ከም ዝተኸተቡን ኮቪድ-19 ከምዝሓዞምን ዘርኢ ምስክር ወረቐት ኮሮና ዘለዎም ሰባት እዞም ካብ ዓርቢ 11 ሰነ ዝተኣታተዉ ምፉኳሳት ኣይምልከቱዎምን እዮም። እዞም ሰባት እዚኦም ኖርወይ ምስ ስርዓት-ፍታሕ ኤውሮጳዊ ሕብረት ምስ ተጸንበረት እዮም ካብ መገሻዊ ውሸባ ክድሕኑ ዝኽእሉ፡ ምኽንያቱ ንሱ ናይ ካልኦት ሃገራት ሰነዳት ሓቅነቱ ንክንቆጻጸሮ ስለዘኽእለና። እዞም ምቅይያራት ብመሰረት ምሕጽንታታት ትካል ህዝባዊ ጥዕናን ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕናን ኢና ነተኣታትዎም ዘለና።

መንግስቲ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ንትሕቲ 12 ዝዕድሚኦም ቆልዑ ሓደ ምፉኳስ ኣተኣታትዩሎም ከምዝነበረ ይዝከር። እዚኦም ድሕሪ ምምጽኦም ቀልጢፉ ተባሂሉ ሰለስተ መዓልታት ምስ ሓለፈ ኣሉታዊ ውጽኢት ዘለዎ መርመራ ክሳብ ዝገበሩ ውሸብኦም ከቋርጹዎ ክፍቀደሎም እዩ። እዚ ሕድገት እዚ ዝምልከቶም ሰባት ይዛይድ ብምህላዎም ሕጂ ኣብ ክሊ ዕድመ 12 ክሳብ 18 ዝርከቡ ሰባት'ውን ኣብዚ ምድብ ክኣትዉ እዮም።

***መገሻዊ ውሸባ ንቀዳመይቲ መርፍእ ክታበት ዝተወግኡ***

ቀዳማይ መርፍእ ክታበት ካብ ዝኸተቡ ካብ 3 ክሳብ 15 ሳምንታት ዘሕለፉ ብዩናት ሰባት ናብ ኖርወይ ክኣትዉ ከለዉ መገሻዊ ውሸባ ክውሸቡ ኣሎዎም። ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን መንግስቲ ንሕግታት መገሻዊ ውሸባ ምቅይያራት ጌሩሎም ኔሩ፡

ስለዚ ድሕሪ ሰለስተ መዓልታት ኣሉታዊ ውጽኢት ዘርኢ መርመራ-PCR ክሳብ ዘርኣዩ ውሸባ መገሻ ከሕጽሩዎ ተፈቒዱሎም ኣሎ። ኣብዚ'ውን እቲ ሕድገት ዝግበረሉ ሰብ ግድን እዩ ከምዝተኸትበ ብውሑስን ክንቆጻጸሮ እንኽእለሉ ኣገባብን ብመቆጻጸሪ QR-ኮድ ከረጋግጾ ዘለዎ።

ብዩናት ሰባት ጌና ሕጂ'ውን ኣብ ውሸባ መገሻ ክኣትዉ ዝግደዱሉ ዘለዉሉ ምኽንያት እቶም ሓደ መርፍእ ክታበት ጥራሕ ዝተኸተቡ ክልከፉ ዘሎ ተኽእሎ ይዛይድ ብምህላው እዩ። ብፍላይ ድማ ንሓደስቲ ዓይነታት ቫይረስ ሓደ መርፍእ ክታበት ንበይኑ ናይ ምክልኻል ዓቕሙ ዝተዳኸመ እዩ ዝመስል ዘሎ፡ ንኣብነት ካብቲ ኣልፋ ዝበሃል ዓይነት ቫይረስ ንደልታ ናይ ምክልኻል ዓቕሙ ዝተዳኸመ እዩ ዝመስል ዘሎ።

ከምዚ ብምዃኑ ትካል ህዝባዊ ጥዕናን ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕናን ነዚኦም ግድን ኢና መገሻዊ ውሸባ ክንቅጽለሎም ዘለና በሃልቲ እዮም፡ እንተኾነ ግና ድሕሪ ሰለስተ መዓልታት ኣሉታዊ ዝውጽኢቱ መርመራ ክሳብ ዝሃለዎም ውሸብኦም ከሕጽሩዎ ይኽእሉ እዮም።